# መልእኽቲ ኣቦ/መፈ/ሽ ውሓዲለ ብምኽንያት በዓል ልደትን፡ ሓድሽ ዓመትን

ኣብ ውሽጥን ወጻእን እትርከብ ክቡር ህዝቢ ኤርትራ፡ 28 ዓመታት እፎይታ ዘይብሉ ዝሓለፍካዮን ትሓልፎን ዘለኻ ስቓይን መከራን ተጻዊርካ፡ ባህልኻን ክብርኻን ዓቂብካ ብተስፋ ቃልሲ ደቅኻ መዓልቲ ፍትሕን ሰላምን ሃንቀውትብለሉ ዘለኻ እዋን'ዩ። 2019 ንተስፋታትካን ባህግታትን ክውን ዝገብር፡ ኣብ ማእ ዓለም ዝርከቡ ኤርትራውያን ዜጋታት ሓቢሮም ኣንጻር ምልካዊ ስርዓት ህግዲፍ ይቃለሱ ኣለዉ። 2019 ልዕላውነት ሕጊ ማኢኡ ኣብ ኤርትራ ክትከል ዝተበገሱላ ዓመት'ያ። ፖለቲካውያን ውድባት ሓድነት ብምግባር ዝጠራነፉላ ዓመት'ውን እያ።

ኩላትና ብሓባር ንሃገርናን፡ ህዝብናን ንምድሓን፡ ፖለቲካውያን ሓይልታትን ሲቪላዊ ማሕበራ ካብ'ዚ ክሳብ ሕጂ ተዓሚሙ ዘሎ ስርሓትን ንላዕሊ ትጽቢት ዝግበረሉ ዘሎ ብምዃኑ፡ በርቲዑ ክሰርሕ ኣብ ቃልሲ ይርከብ።

ውድብ ሓድነት ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ ሓደ ኣካል ኣብ ውሽጢ'ዚ ዓመት ሓድነት ሰለስተ ሓይልታት ዘዕወተን፡ ብሕጂ'ውን ኣብ መደባት ስርሓቱ ሰሪዑ፡ ንሓድነትን ሓባራዊ ስርሓት ሓይልታት ኤርትራ ንኽዕወት ኣብ ቀጻሊ ቃልሲ ይርከብ።

በዚ ኣጋጣሚ እንቛዕ ኣብዚ ኣብጸሓና። እዚ እግሪ ዝተኽትል ዘሎ ውድብና፡ ንሕና ብስሜትና፡ ምስ ካልኦት ኣብ ደምባ ፍትሒ፡ ኣብ ህዝብናን ሃገርና ወሪዱ ዘሎ ሽግር ብሓባር ፡ ሓንሳብን ንሓዋሩን ክንፈትሖ፡ ልቦና፥ ትብዓት፥ ብልሕን ኣብ 2020 ክህበና ይትስፎ።

ብስም መሪሕነትን ማእ ኣባላት ውድብ ርሑስ ብዓል ልደት፡ ርሑስ ሓዲሽ ዓመት ክኾነልና እምነ። ህዝብና ካብ ዘሎዎ ጸልማት ወጺኡ፡ ናብ ትስፉውኩነታት ክሰጋገር፡ እምነ።

ኣቦ/መፈ/ሽ
ውድብ ሓድነት ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ
ተስፋሚካኤል ዮሃንስ